National Institute for Public Health
and the Environment
Ministry of Health, Welfare and Sport

ናይ ቆርበትን ደምን መርመራ ሕማም ቲቢ



ስለምንታይ እዩ መርመራ ዘድሊ?

ሕማም ቲቢ ብባክተርያ ዝለዓል ብርቱዕ ሕማም እዩ። እዚ ሕማም እዚ ብዓለም ለኻ ደረጃ ተስፋሕፊሑ ዘሎ ሕማም እዩ። ወላ ምልክት ሕማም ከየርኣኹም በቲ ባክተርያ ሕማም ቲቢ ክትልከፉ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ድማ መልከፍቲ ሕማም ዓባይ ሰዓል ይበሃል። ሕክምና ምግባር ድማ ድሒሩ ሕማም ዓባይ ሰዓል ከይሕዘኩም ክከላኸለልኩም ይኽእል።

ምርመራ ክገብር ዘለዎ መን እዩ?

ኣብቲ ናይ ቆጸራ ደብዳቤ፡ ስለምንታይ ንስኹም (ወይ ውላድኩም) መርመራ ንምግባር ከም እትዕደሙ ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም። ከምዞም ዝስዕቡ ሰባት ዝኣመሰሉ ናይ ምጽራይ ምርመራ ይግበረሎም፡-

- እቶም ካብ ልዑል መጠን ዝርግሐ ዓባይ ሰዓል ዘለዋ ሃገር ዝመጽኡ ሰባት ወይ ደቆም።
- እቶም ምስ ሕማም ቲቢ ዘለዎ ወይ ባክተርያ ዓባይ ሰዓል ምስ ዝተለኽፈ ሰብ ርክብ ዝነበሮም ሰባት ወይ ደቆም።
- ትሑት ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ወይ ተኽእሎ ዘለዎም ሰባት ወይ ደቆም፣ ንኣብነት፡- ብምኽንያት ኤችኣይቪ ወይ ብምኽንያት ዝተፈላለዩ መድሃኒታት ሕማም ምጽዋር ዓቕሞም ዝተዳኸመ ሰባት። ትሑት ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ዘለዎም ሰባት ከይኖም፣ ኣቐዲሙ ኣብ ኣካላቶም ሕማም ቲቢ ከመሓላልፍ ዝኽእል ባክተርያ (መልከፍቲ ዓባይ ሰዓል) ዝጸንሑም ሰባት፣ ድሒሩ ሕማም ዓባይ ሰዓል ክሕዞም ልዑል ዕድል ኣለዎም።
- እቶም ልዑል መጠን ዝርግሐ ሕማም ዓባይ ሰዓል ካብ ዘለዎ ሃገር ምስ ዝመጽኡ ጉጅለታት ብሓባር ዝሰርሑ ሰባት።
- ናብ ልዑል መጠን ዝርግሐ ሕማም ዓባይ ሰዓል ዘለወን ሃገራት ዝገሹ ሰባት።

እቲ መርመራ ብኸመይ

- ኣቐዲምኩም ብዛዕባ ሓፈሻዊ ኩነታት ጥዕናኹም ናይ መሕትት ቅጥዒ ንኽትመልኡ ክትሕተቱ ኢኹም። ቀጺሉ ድማ ናይ ቆርበት ን/ወይ ናይ ደም መርመራ ይግበር። እዚ መርመራታት ወይ ኣካላትኩም ነቲ ናይ ቲቢ ባክተርያ ተላሊዎ ከምዘሎ ወይ ድማ በቲ ባክተርያ ተለኺፍኩም ከምዘለኹም ከርእይ ይኽእል። ከምኡ እንተኾይኑ ድማ፡ ኣጸቢቕና ካብቲ ባክተርያ ነጻ ምኺንኩም ንምርግጋጽ ናይ ኣፍልቢ ራጂ ንገብረልኩም። እቲ መሕተት ቅጥዒ እዞም ዝስዕቡ ነገራት ከምዘለኩምን ከምዘይብልኩምን ክገልጸልና እዩ፡-
- ንስኹም ዝኾነ ምልክት ቲቢ ዓባይ ሰዓል ዝሰዓበ ከይህልወኩም፡
- ንስኹም ኣብ ልዑል ሓደጋ ናይ ምምዕባል ቲቢዕድል ኣለኩም። እዚ ድማ ነቲ ውጽኢት ናይ መርመራ ብትክክል ክንግምግሞ የኽእለና።

እቲ መሕተት ቕጥዒ ውጽኢት ናይቶም መርመራታት ብግቡእ ንምግምጋም ኣገዳሲ እዩ።

እዚ ናይ ቆርበትን ደምን መርመራ ዉሑሳት እዮም። እዚ ወላውን ንቐልዑን ነብሰጸራትን ማለት እዩ።

እቲ ናይ ቆርበት መርመራ

ካብ መርመራ ክሳዕ ውጽኢት

1 መርመራ ቆርበት



እቲ ኣብ ቆርበት ዝግበር መርመራ፡ ቁሩብ ፈሳሲ ኣብ ናይ ቅድሚታዊ ሽነኽ ናይ ጸጋማይ ኢድ ግዳማዊ ቆርበት ብመርፍእ ብምውጋእ ይፍጸም። በብቑሩብ ናይ ቆርበት ንኣሽቱ ሕበጥ ክምዕብል ክትርእዩ ኢኹም። እዚ ድማ ንቡር እዩ። እቲ ሕበጥ ድሕሪ ቁሩብ ደቓይቅ፡ ንሓንሳብ ንውሕ ንዝበለ ግዜ ጸኒሑ ይጠፍእ።

ናይ ቆርበት መርመራ ምስ ገበርኩም፡ ናብቲ ክፍሊ ጥዕና ናይ ምምሕዳር ከተማ ህዝባዊ ኣገልግሎት ጥዕና (GGD)፡ ተመሊስኩም እትመጽሉ ቆጸራ ይወሃበኩም እዚ ድማ ኣካላትኩም ነቲ እተገብረ መረመራ ግብረ መልሲ ከምዝሃበሉን ዘይሃበሉን ንምንጻር እዩ። እዚ ድሕሪ 2 ወይ 3 መዓልታት ዝግበር እዩ።


2 ነቲ ዝግበር ግምገማ ምጽባይ



ኣካላትኩም ነቲ እተገብረ መርመራ ቆርበት ግብረ መልሲ ዝሃበ ምኺኑን ዘይምኺኑን ቅድሚ ምዕቃንና ካብ 2 ክሳብ 3 መዓልታት ይወስድ።

ነቲ መርፍእ ዝተወግኣሉ ቦታ ከይትፍሕፍሕዎ ወይ ከይትሓክዎ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ልዕሊኡ ፕላስተር ክትልጥፍሉ እውን የብልኩምን።

3 እቲ ውጽኢት መርመራ



በቲ ክፍሊ ሕክምና (GGD) ውጽኢት ክትንገሩ ዝተሓበረኩም ግዜ ተመሊስኩም ክትመጹ ኣለኩም። እቲ ተሓጋጋዚ ክንክን ጥዕና፡ ቆርበትኩም ዝሃቦ ግብረ መልሲ ክምዝግቦ እዩ።

እቲ ምስ ክፍሊ ጥዕና (GGD) ዝተሓዝ ቆጸራ ድሕሪ 2 ወይ 3 መዓልታት እዩ ዝኸውን። ድሕሪ እዚ ግዜ እዚ ግን ዝኾነ ግብረመልሲ ክግምገም ኣይከኣልን እዩ። ከምኡ ምስ ዝኸውን ድማ እቲ መርመራ ክድገም ኣለዎ። ስለዚ ኣብቲ ምስቲ ክፍሊ ጥዕና (GGD) ዝተሰማማዕኩሙሉ ግዜ ክትቀርቡ ኣገዳሲ እዩ።

እቲ ውጽኢት እንታይ ክኸውን እኽእል፧

እቲ ውጽኢት ሓደ ካብዞም ዝስዕቡ ክልተ ክኸውን ይኽእል፡-

እቲ መርመራ ቆርበት ኣሉታዊ ውጽኢት ኣርእዩ
ዝኾነ ዝዕቀን ግብረመልሲ ኣይተራእየን። ኣብዚ ግዜ እዚ ዝኾነ ንምልክት መልከፍቲ ሕማም ዓባይ ሰዓል የለን።

እቲ መርመራ ቆርበት ኣወንታዊ ውጽኢት ኣርእዩ
ዝተዓቀነ ግብረመልሲ ኣሎ። እዚ ሰለስተ ነገራት ማለት ክውኽን ይኽእል፡-
1. ብባክተርያ ዓባይ ሰዓል ከመሓላልፍ ዝኽእል ተለኺፍኩም ኣለኹም እንተኾነ ግን ምልክት ዓባይ ሰዓል ኣየማዕበልኩምን።
2. ሕማም ዓባይ ሰዓል ኣለኩም።
3. ብሰንኪ ካልእ ጠንቂ ውጽኢት መርመራኹም ኣዎንታዊ ኮይኑ ኣሎ።

ጠንቂ ናይቲ ኣወንታዊ ውጽኢት ብልክዕ ንምንዳር ተወሳኺ መርመራ ምግባር ኣድላዪ እዩ። ኩሉ ግዜ ራጂ ኣፍልቢ ይውሰድ እዩ። እዚ ሕማም ዓባይ ሰዓል ዘሎ ምኺኑን ዘይምኺኑን ኣረጋጊጽካ ንምድምዳም የድልይ። ሓደ ሓደ ግዜ መርመራ ደም እውን ይግበር እዩ። እቲ ሓኪም እንታይ ክግበር ከምዘለዎ ምሳኹም ክዘራረብ እዩ።


እቲ ናይ ደም መርመራ

ካብ መርመራ ናብ ውጽኢት

1 መርመራ ደም

መርመራ ቲቢ ናይ ደም ቅምሶ ምውሳድ የድልዮ።
መርመራ ደም ብኽምዚ ይካየድ፡

ስጉምቲ 1፡ እቲ ሰራሕተኛ ሓደ ፕላስቲካዊ ገመድ ኣብ ምናትኩም ይጥምጥም።



ስጉምቲ 2፡ እቲ ሰራሕተኛ ዉሑዳት ናይ ቅምሶ ትቦታት ደም ይወስድ።



ስጉምቲ 3፡ እቲ ሰራሕተኛ ዝጠልቀየ ጡጥ/ፋሻ ኣብ ቆርበትኩም ይልጥፈልኩም።



2 መርመራ ላቦራቶሪ

እቲ ዝተወሰደልኩም ቁምሶ ደም ናብ ላቦራቶሪ ክልኣኽ እዩ።



እቲ ላቦራቶሪ ነቲ ቅምሶ ደም ዝኾነ መልከፍቲ ዓባይ ሰዓል ከይህሉ ፍተሻ የካይደሉ።



3 ውጽኢት መርመራ



ዝበዝሕ ግዜ ውጽኢት መርመራ ደም ድሕሪ ክልተ ክሳብ ሰለስተ ሰሙናት ክወሃበ ኩም እዩ።

እቲ ውጽኢት እንታይ ክኸውን ይኽእል፧

እቲ ውጽኢት መርመራ ሓደ ካብዞም ክልተ ክኸውን ይኽእል፡-

እቲ ናይ ደም መርመራ ውጽኢቱ ላሉታዊ እዩ
እዚ ኣብ ደምኩም ዝኾነ ጸረነብሳት ባክተርያ ዓባይ ሰዓል የለን ማለት እዩ። እዚ ማለት ድማ ንስኹም ብባክተርያ ሕማም ዓባይ ሰዓል ኣይተለኽፍኩምን ማለት እዩ።

እቲ ውጽኢት መርመራ ደም ኣወንታዊ እዩ
እዚ ኣብ ደምኩም ጸረ ነብሳት ኣንጻር ባክተርያ ሕማም ዓባይ ሰዓል ተረኺቡ ኣሎ ማለት እዩ። እዚ ክልተ ነገራት ማለት ክውኽን ይኽእል፡

- ንስኹም ብባክተርያ ሕማም ዓባይ ሰዓል ተለኺፍኩም ኣለኹም (ጌና) ግን ምልክት ዓባይ ሰዓል ኣየማዕበልኩ ምን።
- ንስኹም ብሕማም ዓባይ ሰዓል ተለኺፍኩም (ክትኮኑ ትኽእሉ) ኢኹም።

እቲ ውጽኢት ውጽኢት መርመራ ላወንታ እንተኾነ እንታይ ይግበር፧

ውጽኢት መርመራ ደምኩም ላወንታዊ እንተኾይኑ ተወሳኺ መርመራ ከድሊ ይኽእል እዩ። እቲ ሓኪም፣ ሕማም ዓባይ ሰዓል ወይ መልከፍቲ ዓባይ ሰዓል ዘለኩም ምኺንኩምን ዘይምኺንኩምን ምሳኹም ክዘራረብ እዩ። ኣድላዪ ስጉምትታት ብዝምልከት ድማ ምሳኹም ዝርርብ ይግበር።

በቲ ናትኹም ሓበሬታ እንታይ ክንገብር ንኽእል፧

እቲ ክፍሊ ሕክምና ዓባይ ሰዓል (GGD)፡ ነቲ ኣብ ውልቃዊ ሕክምናዊ ፋይልኩም ተዓቂቡ ዝርከብ ሓበሬታ ሕጊ ብዝእዝዘ መሰረት እዩ ዝሕዞ።

ዝኾኑ ሕቶታት፡ ዘይተነጸሩ ነገራት፡ ጥርዓናት፡ ወይ መመላእታታት ኣለዉኹምዶ፧

- ብኽብረትኩም ንኽፍሊ ምክልኻል ቲቢ ናይ GGD ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ተራኽቡ። ናይቲ መራኸቢ ዝርዝራት ድማ ኣብዚ ዝስዕብ ነቕጣ መርበብ ሓበሬታ www.ggd.nl ከምኡውን ኣብቲ ናይ ክታበት ዕድመ ክትረኽብዎ ትኽእሉ።
- ብዛዕባ ሕማም ቲቢ ዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ዝስዕብ ነቕጣ መርበብ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ፡- www.rivm.nl/tuberculose።

This information is available in English at:
Waxaad warbixintan ku aqrisan kartaa Soomaaliga:
Informacje te są dostępne w języku polskim na stronie:
ነዚ ሓበሬታ ብቋንቋ ትግርኛ ኣብዚ ዝስዕብ ከተንብብ ትኽእል ኢኻ፡

شما میتوانید این معلومات را به درياز طريق ذيل مطالعه كنيد:
يمكنك قراءة هذه المعلومات باللغة العربية على:

www.rivm.nl/en/TB-information#skintest

ሕቶኻ ንናይ ዓበይ ሰዓል ቻት-ቦት (TBC-chatbot) ሕተት፡
www.tuberculose.nl/over-tuberculose

Published by

National Institute for Public Health and the Environment, RIVM
P.O Box 85104 | 3508 AC Utrecht
The Netherlands
www.rivm.nl/en

Oktober 2026

Committed to health and sustainability

016944_TIR